# ውዕላትን ኩነታትን

በጃኹም ነዛ ደብዳቤ ኣጸቢቕኩም ኣንብባ። ኩሉ ውዕላትን ኩነታትን ናይ ህያብ ካርድታት ኣብዚ ዘርዚርናዮ ኣለና። ነቲ ናይ ሓጋይ መዘናግዒ ፓኬጅኩም ኣስተማቕሩ!

ናይ ዋላቢ ህያብ ካርድ ምስ እትህቡ፣ ንኽልተ ሰባት ብነጻ መእተዊ ትረኽቡ። ኣብቲ ናይ ህያብ ካርድ ኮድ ተጻሒፉሉ ኣሎ። ነዚ ኮድ ንኽልተ ናይ ዋላቢ መእተዊ ትኬት ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። በጃኹም ኣስተውዕሉ! ነቲ ትኬት ኣቐዲምኩም ኣብ walibi.nl/verzilveren ክትሕዙ ኣለኩም።





እቲ ናይ ህያብ ካርድ ካብ 28 ሰነ 2024 ክሳብ 30 መስከረም 2024 ዝሰርሕ እዩ። ብጥረ ገንዘብ ክቕየር ኣይክእልን እዩ ከም እውን ክለዋወጥ ወይ ክምለስ ኣይክእልን እዩ። ናይ ምጅማር ሰዓታት ፣ ዝርዝር ሓበሬታን ሕግታቶምን ንምርካብ ኣብ walibi.nl ተወከሱ።




ናይ ሓጋይ ናይ መዘናግዒ ፓኬጅኩም 2 MaDiWoDo ናይ ሲኒማ ትኬት ዘጠቓልል እዩ። ነዞም ትኬታት ኣብ ሰኑይ፣ ሰሉስ፣ ረቡዕን ሓሙስን ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ህዝባዊ በዓላትን ኣብ እዋን በዓላት ልደትን ክትጥቀሙ ኣይክእሉን እዮም። እቲ ናይ ሲኒማ ትኬት ካብ 28 ሰነ 2024 ክሳብ 27 ሰነ 2026 ን2 ዓመታት ዝሰርሕ እዩ።

ነዞም ናይ ሲነማ ትኬታት ኣብ መላእ Netherlands ኣብ ዝርከባ ልዕሊ 150 ሲነማታትን ፊልም ትያትራትን ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣየኖት ሲነማታትን ፊልም ትያትራትን ይሳተፋ ከምዘለዉ ንምርኣይ ኣብ www.bioscoopbon.nl ተወከሱ።

ነዞም ናይ ሲነማ ትኬታት ብኢንተርነት ክትጥቀሙሎም ኣይትኽእሉን ኢኹም። ሓደ ናይ MaDiWodo ሲነማ ትኬት ንሓደ ናይ ሲነማ ትኬት ዝሰርሕ ኮይኑ ንመግቢ ወይ መስተ ክውዕል ኣይክእልን። ን3D ፊልምታት ተወሳኺ ክፍሊት ክትከፍሉ ኣለኩም። ንኻልእ ተወሳኺ ክፍሊት፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ሲነማ ተወከሱ። እዞም ናይ ሲነማ ትኬታት ብጥረ ገንዘብ ክልዋወጡ ወይ ምስ ካልኦት ፕሮሞሽናል ውዕላት ተተሓሒዞም ክጥቀሙ ኣይክእሉን እዮም።



ንኹሉ ውዕላትን ኩነታትን ኣብ www.kinderhulp.nl/voorwaarden እውን ደጊምኩም ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።




ኣብ ናይ ሓጋይ መዘናግዒ ፓኬጅኩም ዘሎ ናይ RRReis ናይ ኣውቶቡስ ናይ ምምላስ ትኬት ቫውቸር ክልተ ኮድ ዝሓዘ እዩ። ነዞም ኮዳት ንኽልተ ናይ ኣውቶቡስ ናይ ምምላስ ትኬት ኣብ ዋላቢ ኤክስፕረስ ካብ ስቴሽን Harderwijk ናብ Walibi ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ናይ ኣውቶቡስ ናይ ምምላስ ትኬት ካብ 13 ክሳብ 17 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት እዩ።

ናብ ervaarhetov.nl/couponcode ብምኻድ ንናይ ኣውቶቡስ ምምላስ ትኬትኩም ናይ ምልላይ ኮዳትኩም ክትጥቀሙ።

እቲ ናይ ኣውቶቡስ ናይ ምምላስ ትኬት ካብ 28 ሰነ 2024 ክሳብ 30 መስከረም 2024 ዝሰርሕ እዩ ። ብጥረ ገንዘብ ክቕየር ኣይክእልን እዩ ከም እውን ክለዋወጥ ወይ ክምለስ ኣይክእልን እዩ።




ኣብ ናይ ሓጋይ መዘናግዒ ፓኬጅኩም ዘሎ እቲ ናይ ባቡር ህያብ ቫውቸር ናይታ ባቡር፣ ክልተ ኮድ ዝሓዘ እዩ። እዞም ኮዳት ን2 ትኬት መዓልቲ መንእሰያት ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ናይ መዓልቲ ትኬት ካብ 13 ክሳብ 18 ዓመት ንዝዕድሚኦም መንእሰያት እዩ።

ነዚ QR ኮድ ስካን ግበሩ ን
ደረጃ ብደረጃ መምርሒ
ንምርካብ!

እዞም ኮዳት ናይታ ባቡር ኢ-ትኬት ይህቡኹም፣ እዚ ድማ ከም ንቡር ትኬት ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ነዞም ኮዳት እዚኣቶም ኣብ መላእ Netherlands ንምጉዓዝ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ናብ www.ns.nl/couponcode ብምእታው ኮዳትኩም ክትረክቡ ትኽእሉ ኢኹም።

እቶም ኮዳት ካብ 28 ሰነ 2024 ክሳብ መስከረም 30, 20241 ዝሰርሑ እዮም። ኣብ ትሑት ጠለብ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ጥራይ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። ማለት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ መንጎ ሰዓት 0.00 - 6.30 ንግሆ፣ ሰዓት 9.00 - 4.00 ድሕሪ ቀትሪ፣ ከም እውን ሰዓት 6.30 - 0.00 ድሕሪ ቀትሪ እዩ። ብዘይካ ካብ 23 ክሳብ 25 ነሓሰ 2024 ኣብ ዘሎ ሰሙን መወዳእታ እንተዘይኮይኑ፣ ኣብ ቀዳመ-ሰንበትን ህዝባዊ በዓላትን ምሉእ መዓልቲ ክትጥቀሙሎም ትኽእሉ ኢኹም።

ንኹሉ ውዕላትን ኩነታትን ኣብ www.kinderhulp.nl/voorwaarden እውን ደጊምኩም ክተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።